ዑዉት ህዝባዊ ሰሚናር

ኣብ ከተማ ሂውስትንን ዳላስን ቴክሳስ

ሓላፊት ህዝባውን ኮማውን ዉዳበታት ዞባ ምዕራብ ኣመሪካ ሓድነት ቀለታ ብዕለት 21/12/2014 ኣብ ከተማ ሁይስቶን ተክሳስ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ሃገርናን ከባቢናን ሰፊሕ ህዝባዊ ሰሚናር ሂባ። ኣብቲ ተዋህበ ሰሚናር እዛ ብረዚን ዋጋ ዝመጸት ናጽነትና ንምድፋር ዝግበር ዘሎ ኩሉ መልካዓት ተጻብኦታት ህዝቢ ክነቕሓሉን ክምከቶን ከምዘሎዎ ኣተሓሳሲባ። ብፍላይ ነጻ መስመርና ምኽታል ሕማም መርዘን ዝኾኖም ጸላእትና፡ ንምምብርካኽና ሓንሳብ ብሰብኣዊ መሰላት ሓንሳብ ንግብረሽበራ ትሕጉዙ ኢኹም ብዝብል ናይ ጸለመ ክሲ ባዕሎም ከሰስቲ ባዕሎም ፈረድቲ ኮይኖም፡ ሃገርና ኣብቲ ትደሊዮ ናይ ምዕባለ ቦታ ብናህሪ ንኸይት ስጉም ዝግበር ዘሎ ኩሉ ማሕለኻታት ኣስፊሓ ገሊጻ። ብምቕጻል መንግስትን ህዝብን ሃገርና ብምግቢ ርእሳ ከምትኽእል ንምግባር፡ ክሳብ ሕጂ ብውሽጣዊ ዓቕሚታትና ተሃኒጾም ዘሎዉ ዲጋታት፡ ትሕተ ቅርጽታት ብሰፊሑ ገሊጻ። ብምቕጻል ሃገርና ብትምህርቲን ሕክምናን ስጉማ ከምዘላ፡ እቲ ብሑቡራት መንግስታት ዓለም ናይ ሚሌኑም ታርጌት(Goal) ድማ 6/8 ከምዘማለኤት ገሊጻ። ኣብ መደምደምታ ናይቲ ስሚናር፡ እዚ ኣብ ሃገርና ዘሎ ሰላም ከም ነባሪ ክንወስዶ ከምዘይብልና፡ ኣዚ ብሓሶት መብጻዓ ብዝተወደበ መንእሰያትና ኣፍሊስካ ሃገር ንምምብርካኽ ዝግበር ሽርሕታት ህዝቢ ነቒሑ፡ ዉዳበታቱ ኣሕይሉ ክምከቶ ከምዘሎዎ ኣተሓሳሲባ። ዝሃበቶ መግለዚ ኣዝዩ ሰፊሕን ንጹሩን ስለዝነበረ፡ ናይ መብዛሕቶኦም ተሳተፍቲ ሑቶ ኣብቲ መግለጺ ተመሊሱ ኢዩ። ብዛዕባ ሃይማኖት ንዝቐረበ ሑቶ፡ ኣብ ኤርትራ ፡ ልዕላውነት ሃገር ብጾሎት ጥራሕ ዘይኮነስ ብግብሪ ደው ክሳብ ዝበልካ፡ እታምነሉ ሃይማኖት ሕጊ ናይታ ሃገር ከሳብ ዘማለአ፡ ሃገር ናይ ኩሉ፡ ሃይማኖት ግን ናይ ብሕቲ ኢዩ ኢልካ ኣሚንካ ሃገራዊ ግቡእካ ክሳብ ዘማላእካ ዝኾነ ሃይማኖት ኣብ ኤርትራ ፍቑድ ምዃኑ ገሊጻ፡ ድሕሪ ሕቶን መልስን ህዝቢ መንግስትና በቲ ዉሱን ዓቕሙ ኣሰላሲሉዎ ዘሎ ልምዓታዊ መደባት፡ በቱ ዉሱን ዓቕሙ ጠለባት ህዝቢ ምምሉ ሓጎሶም ድሕሪ ምግላጽ ነዚ ዝስዕብ ዎሳነ የሕሊፎም።

## ህዝባዊ መኸተ ሂውስቶን ቴክሳስ

ንሕና ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ሂውስቶንን ከባቢኣን ነዚ ሎሚ ብብጻይቲ ሓድነት ቀለታ ሓላፊት ህዝባዊን ኮማውን ዉዳበታት ዞባ ምዕራብ ኣመሪካ፡ ኣብ ኤምባሲ ኢርትራ ዝተዋህበና እዋናዊ ኩነታት ሃገርናን ከባቢናን ሰፊሕ ሰሚናር መኸተ፡ ልዑል ምስጋና እንዳቕረብና፡ ሎሚ ሰንበት 21 ታሕሳስ 2014 ነዚ ዝስዕብ ዉሳነ ነመሓላልፍ።

1. መንግስቲ ኤርትራን፡ ህዝቢ ኤርትራን፡ ኣብ ሃገርና ዛጊት ኣሰላሲሎሞ ዘሎዉ ኩሉትናዊ ቁጠባዊ ሕውየት እንዳሞጎስና፡ ሃገርና ብቑጠባ ርእሳ ንምኽኣል ኣብ ዝግበር ዘሎ ምርብራብ ፥ ኣብ ጎኖም ደው ብምባል ካባና ዝሕተት ዘበለ ሃገራዊ ጉቡኣትና ከነማልእ ምዃና ቃል ንኣቱ።

2. ኤርትራ ሃገርና እታ እንኮ ኣፍሪቃዊት ሃገር ፡6 ካብ 8 ብሑቡራት መንግስታት ዓለም ዝተወሰና ናይ2015 ሚለኒዩም ምዕባላ ቅድሚ እቲ ዝተወሰነላ ናይ እዋን ገደብ ዘማለአት ሃገር ምኻና፡ ሞጎስና እንዳገለጽና፡ ነቲ ዝተረፍውን ከተማልኦ ካባና ዝድለ ነገራት ከነማልእ ምዃና ንገልጽ።
3. ሓይልታት ምክልኻልና፡ ልዕላውነትና ኣብ ምክልኻል ከምኡድማ ዉሕስነት ምግቢ ኣብ ምርግጋጽ ዝጻወቶ ዘሎ ዓቢ ተራ እናሞጎስና ኣብ ጎኑ ደው ኢልና ከምዘሎና ክንገልጽ ንፈቱ።
4. ሃገርና ናይጽቡቕ ኣብነት መታን ከይትኸውን፡ ህዝባ ብድሑር ቀቢላዊ ፡ ሃይማኖታውን ወገናውን ስሚዒታት ንምብትታን ዝገበር ዘሎ ናይ ደገን ናይ ውሽጥን ሽሪሒታት ኣጥቢቕና ንኹንን። ክንምከቶ ምኻና ድማ ቃል ንኣቱ።
5. ናይ ደን ማርከ መንግስቲ ልኡኽቱ ሰዲዱ ኣብ ኤርትራ ሰብኣዊ መሰል ምግሃስ ከምዘየለ ብምርግጋጽ ንናይ ሕቡራት መንግስታት ፍልይቲ ልእኽቲ ብምቅልዑ ነሞግስ። ካሎኦት መንግስታት ዓለም ድማ ከምደንማርከ ሉኡኹቶም ብምስዳድ ከረጋግጹ ነተባብዕ።
6. መንእሰያትና ግዳያት ብዘይ ሕጋዊ ዶብ ዘሳግሩ ኮይኖም ጸኒሖም ኢዮም። እዞም ነሕዋትና ጽጅሆ ሒዞም ኣረመናዊ ግፍዒ ዝፈጸሙ ዜጋታት፡ ግዜ ይንዋሕ ይሕጸር ብዘየገድስ ኣብ ሕጊ ንምቕራቦም ካባና ዝሕተት ከነማልእ ምዃና ቃል ንኣቱ።
7. ስርዓት ዎያነ ካብቲ ሒዙዎ ዘሎ ልዕላዊ መሬትና ብቕጽበት ክወጽእ መጸዋዕታና ነሐድስ። ከምኡውን ኣውሓስቲ ሃገራት ማለት ሕ. መ. ኣመሪካ፡ ኣፍሪቃዊ ሕብረት፡ ኣውሮፓዊ ህብረትን ዉድብ ሃገራት ዓለምን ዉዕል ኣልጀርስ ከተግብሩዎ መጸዋዕታና ነቕርብ፡፡
8. ኣብ ልዕሊ ሃገርና ብሓሶት ተወሲኑ ዘሎ እገዳ ቀንዲ ጠንቂ ስደት መንእሰያትናውን ኮይኑ ስለዘሎ፡ ብቕጽበት ክላዓል ንጠልብ።

ዓወት ንሓፋሽ

ሽማግለ መኸተ ሁይስቶን























